# Suwera Center for Human Rights

## ኣህጉራዊ መዓልቲ ጸረ ናይ ምስቓይ ተግባራት
## መንዩ ንናይ ስቅያት ተግባራት ኣብ ኤርትራ ደው ዘብል

ኣብያተ-ማእሰርቲ ኤርትራ፣ ኣካላውን ኣእሙራውን ናይ ስቅያት ተግባራት ብሰፊሑ ዝካየደሎም ማእከላት ኢዮም። እሱራት ብሰንኪ ፖለቲካዊ መርገጾም ወይ ሃይምኖታዊ እምነቶም ካብ ወጻኢ ዓለም ምሉእ ብምሉእ ከምዝንጸሉ ኢዮም ዝኾኑ። ቤተ-ሰቦም ይኹን ጠበቓታቶም ክበጽሕዎም ኣይፍቀደሎምን ኢዩ። ኩነታት ማእሰርቶም ንገዛእ ርእሱ፣ ሓደ ኣካል ናይቲ ሰንሰለታዊ ናይ ምስቃይ ተግባራት ክቑጸር ይከኣል። መብዛሕትኦም እሱራት፣ ኣብ ትሕቲ መሬት ኣብ ዝርከቡ ሽላታት ኢዮም ዝተሓዙ። ከምዚኦም ዝኣመሰሉ ኣብያተ-ማእሰርቲ፣ ኣብ ደሴት ናኹራ፣ ማይ ሰርዋ፣ ዓዲ ዑመር ይርከቡ። ናኹራ ሓንቲ ካብተን ጣልያናውያን ገዛእቲ ቤት ማእሰርቲ ዝሃነጹላ ደሴት ካብ ደሴታት ዳህላክ ክትከውን እንከላ፤ ቤት ማእሰርቲ ማይ ሰርዋ ኣብ ከበሳ፣ ቤት ማእሰርቲ ዓድ ዑመር ድማ ኣብ ዞባ ጋሽ ሰቲት ኢየን ዝርከባ። ኣብዚ ትሕተ-ባይታዊ ኣብያተ-ማእሰርቲ ዝዳጎኑ እሱራት ጽሓይ ክርእዩ ንደገ ክወጹ ኣይፍቀደሎምን ኢዩ። ገለ ካብኦም ንልዕሊ 10 ዓመታት እተኣስሩ እኳ እንተኾኑ፤ ክሳዕ ሕጂ ድማ፣ ካብዚ ኣብያተ-ማእሰርቲዚ ዝወጸ እሱር የለን። ብሰንኪቲ ጽንኩር ዝኾነ ኩነታት ወይ ብሰንኪ ኣብ ልዕሊኦም ዝፍጸም ጨካን ናይ ምስቓይ ተግባራት ዝሞቱ ገለገለ እሱራት ኣለዉ ዝብል ዘይተረጋገጸ ሓበሬታ ኣሎ።

ካብ ሃገራዊ ኣገልግሎት ኣምሊጦም ተባሂሎም ኣብ ወተሃደራዊ መደበራት ኣብ ዝርከቡ ኣብያተ-ማእሰርቲ ተዳጒኖም ዝርከቡ እሱራት ብሰንኪ ሕጽረት መግብን ሕክምናዊ ኣገልግሎትን ንዝተፈላለዩ ዓይነት ሕማማት ይሳጦሑ ኣለዉ። ነብሶም ዝሕጸብሉ ግዜ ዝተረሓሐቐን እቲ ማይ ውን ዝተበከለን ስለዝኾነ፥ ጠንቂ ናይ ብዙሓት ዓይነት ሕማም ይኸውን ኣሎ። ካብ 70 ዘይውሕድ ነፍሳት፣ ኣብ ሓንቲ ኰንተይነር ዝእሰርሉ ኣጋጣሚታት ውን ኣሎ። ስለኾነ ድማ፣ ምድቃስ በብተራ ክኸውን ግድን ኢዩ። ኣብ ብርቱዕ ሙቐት ዘለዎ ቦታታት ኤርትራ፣ ንነዊሕ ሰዓታት ኣብ ጽሓይ ደው ምባልን፤ ግርፍያን ዝኾነ ይኹን እሱር ዋላ ደቂ ኣንስትዮን ሕጻናት ከይተረፉ ዝቕጽዕሉ ልሙድ ናይ ምስቓይ ተግባር ኢዩ። እግርን ኢድን ናይ ቍጽሪ 8 መልክዕ ብዘትሕዝ ኣገባብ ምእሳርን፤ ሃሊኮፕተር ብዝብል ስያመ ዝፍለጥ ናይ ስቅያት ኣገባብን ኣብ ኣስመራ ኣብ ክፍሊ ወንጌል ምርመራ ብቐጻልነት ኢዮም ዝጥቀምሉ። ኣብ ርእሲዚ፣ ገለገለ መኳንንቲ ናይቲ ስርዓት ንእሱራት ኣብ ውልቃዊ ናይ ሕርሻ ግራውቶም በስገዳድ ከምዘስርሕዎም ውን ይፍለጥ። እዚ ውን ንገዛእ ርእሱ ናይ ምስቓይ ተግባር ኢዩ።

እዚ ኣብ ኣብያተ-ማእሰርቲ ኤርትራ ዝፍጸም ዘሎ ግፍዕታት ዓለም ኢዱ ከእቱ ዝጠልብ ህጹጽ ጒዳይ ኢዩ። ኤርትራ፣ ምስቓይ ናይ እሱራት ዝኸልክል ኣህጉራዊ ስምምዕ ዋላ ኣይተኸትም፤ ኣብ ኣብያተ-ማእሰርታ ብዝፍጸም ዘሎ ግፍዕታትን ስቅያትን ክትሕተት የብላን ማለት ኣይኮነን። ነዚ ስምምዕዚ ዘይምፍራማ ንገዛእ ርእሱ፣ ኣብ ኣተሓሕዛ እሱራት ብኣህጉራዊ ስምምዓት ክትቕየድ ድሌት ከምዘይብላ ኢዩ ዘመልክት። ንመሰል ወዲሰብ ዝምልከት ኣዋጅ፣ ዓንቀጽ 5ን፤ ንፖለቲካውን ሲቪካውን መሰል ዝምልክት ፍሉይ ኣህጉራዊ ስምምዕ፣ ዓንቀጽ 7ን (መንግስቲ ኤርትራ ብ26 ሰነ 2002 ዝተሰማማዓትሉ) ንናይ ምስቓይ ተግባራትን ጨካን ኣተሓሕዛን ንምድፋር ሰብኣዊ ክብርን ዝኸልክሉ ዓንቀጻት ኢዮም።

TEL: +249 183 475792 - FAX: +249 183 475792
E-mail: info@suwera.org - Website: www. suwera.org

ዓለም ብመላኡ፣ ኣብ ልዕሊ በሽሓት ዝቑጸሩ ኤርትራውያን ዝፍጸም ዘሎ መዓልታዊ ጭካኔ ዝመልኦ ናይ ምስቓይ ተግባራት ክከታተልን ደረት ክገብረሉን ሓላፍነቱ ኢዩ። እዚ ግፍዕታትዚ እናፈጸመት እንከላ ስቕ ኢልካ ምርኣይ፥ ነቲ ንናይ ስቅያት ተግባራት ደው ዘብል ስምምዕ ስለዘይፈረምኩ ድላየይ ክፍጽም ይኽእል ኢየ ዝብል ኣረዳድኣ መንግስቲ ኤርትራ ዘተባብዕ ኢዩ ክኸውን።

ነዚ ብ26 ሰነ ዝዝከር ዘሎ ኣህጉራዊ መዓልቲ ጸረ ናይ ምስቓይ ተግባራት ኣብ ግምት ብምእታው፣ ኣብ ኣብያተ-ማእሰርቲ ኤርትራ ዝፍጸሙ ዘለዉ ግፍዕታት ንምፍላጥን ደው ንምባሎምን ዝሓለነ ብጽሑትን ተፍቲሽን ዝውሰደሉ ኣጋጣሚ ክኸውን ትጽቢትና ወሰን የብሉን። በዚ ኣጋጣሚዚ፣ ኣህጉራዊ ናይ ሰብኣዊ መሰላት ተጣበቕቲ ማሕበራት፣ እዚ ዕድልዚ ክውሃበን ንመንግስቲ ኤርትራ ጠለበን ከቕርባ ንጽውዕ።

**ማእከል ሶይራ ንሰብኣዊ መሰላት**
**25.06.2005**

TEL: +249 183 475792 - FAX: +249 183 475792
E-mail: info@suwera.org - Website: www. suwera.org